# 1. ሓበሬታ
## ቫይረስ ኮሮና እንታይ እዩ፧

ቫይረስ ኮሮና ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሓድሽ ቫይረስ እዩ።

እዚ ቫይረስ'ዚ፡ ኣብ ኤውሮጳ ብኣዝዩ ቅልጡፍ ፍጥነት ይላባዕ ኣሎ። ንጀርመን ንዘጠቓልል ኣዝዩ ብዙሕ ሰብ መዓልታዊ ይሓምም ኣሎ።

ቫይረስ ኮሮና፡ ኣረጋዊትን ሕዱር ጸገማት ጥዕና ዘለዎም ሰባትን ንዝኣመሰሉ ገለ ክፋል ሕብረተሰብ ሓደገኛ እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ዝወጽእ ዘሎ ሓድሽ መምርሒታት ድማ ነዚ መጠን መልከፍቲ ንምጉዳልን ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ድማ ኩሉ ሰብ ንኸይሓምም ንምግባርን ተባሂሉ እዩ።

ዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብዚ ይርከብ፥

[www.bundesgesundheitsministerium.de/coronavirus/coronavirus-leichte-sprache](www.bundesgesundheitsministerium.de/coronavirus/coronavirus-leichte-sprache)

# 2. እዋናዊ መምርሒታትን ሕግታትን
## ኣብ ዞባ Wunsiedel፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ዝሰርሕ ዘሎ መምርሒታት ኣየናይ እዩ፧

**ካብ ሰኑይ፡ 16.03.2020 ጀሚሩ፡** ኣብ Bavaria ዝርከባ ኩለን ኣብያተ-ትምህርትን መውዓሊታት ቆልዑን ክዕጸዋ እየን። ቆልዑ፡ ካብ ገዛ ክወጹ የብሎምን።

**ካብ ሰሉስ፡ 17.03.20 ጀሚሩ፡** ***ንመጸወቲ ሜዳታት ዘጠቓልል ኣብ Bavaria ዝርከብ ኩሉ መሳለጥያታት ምዝንጋዕ ክዕጾ እዩ።***

**ካብ ሮቡዕ፡ 18.03.20 ጀሚሩ፡** ሰዓታት ስራሕ ገለ ድኳናትን ኣብያተ-ምግብን ኽቐየር እዩ። ገለ ድኳናት ክዕጾ እዩ። ድኳናት ኣስቤዛ፡ ኣብያተ-መድሃኒት፡ ባንክታት መዐደሊ ነዳድን ግን ክፉት ክኸውን እዩ።

ማእከል ምንዳይ ስራሕን ትካል ሽቕለትን፡ ነቲ ገጽ ንገጽ ዝህባእ ምኽሪ ደው ከብላኦ እየን። ዝኾነ ስክፍታታት እንተልዩኩም፡ ናብ መስመር ተሌፎን ሓገዝ (ሆትላይን) ክትድውሉ ወይ ኢመይል ክትሰዱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ካብ ሓሙስ፡ 19. 03.20 ጀሚሩ፡** ማእከል መንኰ-ወለዶኣዊ ዉንሲይደል (Wunsiedel Intergenerational Centre)፡ ምልክታ ክሳዕ ዝውሃብ ክዕጾ እዩ።

**ኮርሳት ጀርመንኛ፥**

ዝኾነ ኮርሳት ጀርመንኛ፡ ኣብ ማእከል ትምህርቲ ንዓበይትን ማእከል ሞያዊ ስልጠናን ክሳዕ 19 ሚያዝያ ኣይክውሃብን እዩ።

ዝኾነ ኮርሳት ሞያዊ ቛንቋ ድማ ኣብ Bildungsinstitut Pscherer ክሳዕ 27 መጋቢት ኣይክውሃብን እዩ።
እቲ ኣብ DEB Selb ዝውሃብ ኮርስ ሞያዊ ቛንቋ ኽቛረጽ እዩ።

**በዓላትን ቆጸራታትን፥**

ብዙሕ በዓላት ከምዝሰረዝ ኮይኑ ኣሎ። ቆጸራታት ድማ ከምዝመሓላለፍ ኽግበር ይኽኣል እዩ።
ኣገዳሲ ኣብ ዘይኮነ በዓላት ንኽይትሳተፉ ይምከር።

**ህዝባዊ መጓዓዝያ፥**

ሰሌዳ-ግዜ ኣውቶቡስ ዞባ Wunsiedel፥ ኩለን ኣውቶቡሳት ኣይክሰርሓን እየን። ሰሌዳ-ግዜ ህዝባዊ በዓላት ከምቲ ዘለዎ ኽቕጽል እዩ። ኩለን ናብ ዞባታት ዝኸዳ ባቡራት ኣይክሰርሓን እየን። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ብኽብረትኩም ንDeutsche Bahn ተወከሱ።

**ማእከላት ምኽሪ፥**

ኣብ Marktredwitzን Arzbergን ዝርከባ ማእከላት ምኽሪ MAKmitን AWOን፡ ንበጻሕቲ ዕጽዋት እየን።
AWO Arzberg፥ ናይ ተሌፎን ምኽሪ ብ+49 (0)9233/40096-22፡ +49 (0)9233/40096-23፡ +49 (0)172-5742430
[hanna.keding@awo-wunsiedel.org](mailto:hanna.keding@awo-wunsiedel.org), [merisa.sikorsky@awo-wunsiedel.org](mailto:merisa.sikorsky@awo-wunsiedel.org)፡ ካብ ሰኑይ ክሳዕ ሓሙስ፡ ካብ ሰዓት 8 ቅ.ቐ - 4 ድ.ቐ

Diankonie: telefonische Beratung Frau Völksch 09287 5009125 oder 0157 81858580, [voelksch@diakonie-wun.de](mailto:voelksch@diakonie-wun.de)
Frau Söllner 0157 81858564 [soellner@diakonie-wun.de](mailto:soellner@diakonie-wun.de)

**መዘኻኸሪ!**

**መምርሒታት፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣዝዩ ቀልጢፉ ይቀያየር ኣሎ። ሓድሽ ሓበሬታ ድማ መዓልታዊ ይውሃብ ኣሎ። ስለዚ፡ እዋናዊ ሓበሬታ መዓልታዊ ክትረኽቡ ኣገዳሲ እዩ።**

# 3. እዋናዊ ዜና

## ሓበሬታ ካበይ ክረክብ ይኽእል፧

ንዞባ Wunsiedel ዝምልከት ዜና፥ www.landkreis-wunsiedel.de/buergerservice/news/2020/wichtige-informationen-zum-coronavirus-sars-cov-2
ጋዜጣ ዞባ፥ www.frankenpost.de
ራድዮ ዞባ፥ www.euroherz.de/kategorie/nachrichten/regional-nachrichten

ዜና Bavarian፥
https://www.br.de/nachrichten/meldungen

ሃገራዊ ዜና፥
https://www.tagesschau.de/

መዝታት ጥዕና፥
www.bundesgesundheitsministerium.de/coronavirus
www.infektionsschutz.de/coronavirus-sars-cov-2
www.rki.de/DE/Content/InfAZ/N/Neuartiges_Coronavirus/nCoV

# 4. ቅኑዕ ተግባራት

## ንገዛእ-ርእሰይ ብኸመይ ኽከላኸል ይኽእል፧

**ምሕጻብ ኣእዳው፥** ንኣእዳውኩም ብሳሙና ብስሩዕን ምሉእ ብምሉእን (ን20 – 30 ካልኢታት) ሕጸቡ።

**ምስዓልን ምህንጣስን፥** ኣብ ሶፍት ወይ ኣብ ዕጻፍ ኩርናዕ ኢድኩም ሰዓሉን ሃንጥሱን።
ካብ ዝስዕሉ ወይ ዝህንጥሱ ካልኦት ሰባት ርሓቑ።

**ርሕቐትኩም ሓልዉ፥** ካብ ካልኦት ሰባት ካብ ሓደ ክሳዕ ክልተ ሜትሮታት ዝኸውን ቦታ ርሓቑ።
ብኣእዳው ሰላም ኣይትበሉ ወይ ኣይትሕቖፉ።

**ንገጽኩም ምሓዝ ጠጠው ኣብሉ፥** ብኣእዳውኩም ገይርኩም ንገጽኩም፡ ኣፍኩምን ኣዒንትኹምን ኣይትሓዙ።

**ካብ ገዛ ኣይትውጽኡ፥** ብኽብረትኩም ካብ ገዛ ኣይትውጽኡ። ኣብ ኣኼባታት ጉጅለ ኣይትሳተፉ። ኣውቶቡስ ወይ ባቡር ኣይትጠቐሙ። ኣብ በዓላት ኣይትሳተፉ። ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ግዜኹም ኣይተሕልፉ። ንኣረግቶት ብኣካል ኣይትብጽሑ።

**ምዝውዋር ኣየር ምህላው፥** ገዛኹም እኹል ኣየር ከምዝኣትዎ ግበሩ።

## ምስዝሓምም እንታይ ኽገብር ይግባእ፧

**እንተሓሚምኩም፡ ብኽብረትኩም ካብ ገዛ ኣይትውጽኡ!**
ውጽኣት፡ ሰዓል ወይ ምሕርሓር ጎሮሮ እንተልይኩም፡ ካብ ገዛ ኣይትውጽኡ!
ናብ ሓፈሻዊ ሕክምና ኣይትኺዱ። **ናብ ዶክተርኩም ወይ ናብ 116 117 ደውሉ።**
ክሳዕ ሸውዓተ መዓልታት ዝበጽሕ ወረቐት ዕረፍቲ ብተሌፎን ክውሃበኩም እዩ።

ዝኾነ ሓበሬታ

ዘይበጽሖ ሰብ ኣብ ከባቢኹም ምስዝህሉ ወይ

ከንብቦ ኣይክእልን!

**ምልክታት ሕማም**

| | |
|---|---|
| ሰዓል፡ ነፈጥፈጥ ምባል | ረስኒ |
| ጸገማት ምስትንፋስ ምሕርሓር ጐሮሮ | |
| ሕማም ርእሲ | ዕግርግር ምባል |
| ውጽኣት | ቁሪቁሪ ምባል |